# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.152 | ቀዳም 24 ለካቲት 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ጽውጽዋይን ሓቂን ቁጠባዊ ግሎባውነት




ገጽ 3
. . . ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ልምዓት ጸባን ውጽኢቱን ዘስምዖ መኽፈቲ ቃል



ገጽ 5
ብጻዕርኻ ምንባር. . .



ገጽ 7
እቲ ዘይቀትልሲ መሐየሊና እዩ!



ገጽ 11
ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ መሪሕነት ጨቢጣ



## ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ኣኼባ ፍልይቲ ኮሚተ ቻርተር ው.ሕ.ሃ. መደረ ኣስሚዑ




ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ኣኼባ ፍልይቲ ኮሚተ ቻርተር ው.ሕ.ሃ. መደረ ኣሰሚዑ

ልኡኽ ኤርትራ፡ ብ20 ለካቲት ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ኣብ ዝተቓንዐ ኣኼባ ፍልይቲ ኮሚተ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ምሕያል ተራ ናይ'ቲ ውድብን፡ ንመርገጺ ኤርትራ ዘጽሩ መደረ ኣሰሚዑ።

ልኡኽ ኤርትራ ኣብ መደረኡ፡ ኣገዳስነት ናይ'ቲ - እታ ፍልይቲ ኮሚተ ከም ባይታ ንምሕያል ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን እቲ ውድብ ብዓቢኡን እትገብሮ ኣበርክቶ ብምጥቃስ፡ ፍትሓውን ርትዓውን ሰላማዊ ኣህጉራዊ ስርዓት፡ ምስ ሓቀኛ ሽርክነትን ሓባራዊ ብልጽግናን ንምርግጋጽ ዘሎ ባህጊ ዘስምር ብቑዕ ትካላት ክውን ንምግባር፡ መብጽዓታት ምሕዳስ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጹ። እዚ ናብ ፍረ ክበጽሕ ዝኽእል ግና፡ ተገዚእኻ ንመትከላት ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ምስ ዝረጋገጽ ጥራይ ከምዝኾነ እውን ኣጺሩ።

ጉጅለ ገለ ሃገራት፡ ንሓፈሻዊ መትከላት ኣህጉራዊ ሕጊ ብዘተፈላለየ መልክዖት ጉሰየን፡ በይናዊ ኣስገዳዲ ስጉምቲታት ክወስዳ ምርኣይ ዘሕዝን ምዃኑ ዝጠቐሰ ልኡኽ ኤርትራ፡ እዚ ብውልቀ ሃገራት ወይ ብዞባውያን ውድባት ብጉልባብ "ስግኣት ንሰላምን ጸጥታን" ከምኡ'ውን "ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት" ኣብ ልዕሊ ዘይኣባል ሃገራት ዝጸንዐ እገዳታት - ንልዕሊ ሓደ ሰሶ ካብ ህዝቢ ዓለም ግዳይ ገይሩ ከምዘሎ ብምሕባር፡ እተን ቀንዲ ስግኣት ሰላምን ጸጥታን፡ ልምዓትን ምዕባለን፡ ሰብኣዊ መሰላት ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን ቀንዲ ዓንድታት ሕቡራት ሃገራትን ኩይነን ዘለዋ፡ እተን ባዕለን ከሰስትን ባዕለን ፈረድትን ዝኾና ሃገራት ምዃነን ኣገንዚቡ።

ልኡኽ ኤርትራ ኣብ መወዳእታ፡ ንሰላማዊ ፍታሕ ግጭታት ብዝምልከት፡ ንንጥፈታት ናይ'ታ ፍልይቲ ኮሚተ ፖለቲካዊ መልክዕ ብምትሓዝ ብልኡኻት ገለ ሃገራት ዝርአ ዘይሃናጺ ኣረኣእያ ዘሕዝን ምዃኑ ብምሕባር፡ ኤርትራ - ብዘተፈላለዩ ልኡኻት ንዝቐረበ እንተላይ ሓደሽቲ እማመታት ዕቱብ ግምት ክወሃቦ ኣገዳሲ'ዩ ኢላ ከምእትኣምን ኣጺሩ።

## ተሳተፍቲ ሃገራዊ ዋዕላ 'ልምዓት ጸባን ውጽኢቱን' ዑደት ኣካዪዶም

ኤርትራውያንን ወጻእተኛታትን ተሳተፍቲ 'ሃገራዊ ዋዕላ ልምዓት ጸባን ውጽኢቱን'፡ ትማሊ 23 ለካቲት ኣብ ዞባ ደቡብ - ንኣሰ ዞባ ደባርዋ ኣብ ንጥፈታት ልምዓት ጸባን ውጽኢቱን ኣብ ዝሰርሑ ትካላት ዑደት ኣካይዶም።

ተሳተፍቲ፡ ሃገራዊ ትካል ምርምራዊ ሕርሻ-ሓልሓሊ፣ ኣብ ዓድታት ዓዲ-ጉዳን ዓዲ-ነፉዖን ዝቐድ ንጥፈታት ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ፣ ከምኡ'ውን ትካል መፍረ ጸባን ወጽኢቱን 'ኣዜብ' ኣብ ዝበጽሕሉ፡ ብዛዕባ ኣብ ዘመናዊ ምድቃልን ምርባሕን ናይ ጸባ ከብቲ፣ ልምዓት ጸባን ወጽኢቱን፣ ምምስራሕ መግቢ እንስሳን ካልእን ዝሳሰል ዘሎ ስራሓትን ምርምራዊ ንጥፈታትን ብክኢላታት መብርሂ ተዋሂብዎም።

ኣልማዕትን ዑደተኛታትን ንኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ዛጊት ተመዝጊቡ ዘሎ ዝሑጋስ ኣተባባዒ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ቀረብ እኹል፡ ርትዓውን ውሑስን ጸባን ወጽኢቱን ንምርግጋጽን ንምስፋሕን ብዝለዓለ ክሰርሓሉ ተላቢዮም።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ "መድረኽ ንምርግጋጽ እኹል፡ ርትዓውን ውሑስን ጸባን ወጽኢቱን" ብዝብል ቴማ ዝወደቦ ብዓይነቱ ናይ ፈለማ ዝኾነ 'ሃገራዊ ዋዕላ ልምዓት ጸባን ወጽኢቱን'፡ ብ21ን 22ን ለካቲት ኣብ ኣስመራ ከምእተቓንዐ ዝዝከር እዩ።





## ኣብ መወከሲ ሆስፒታል ዞባ ደቡብ ዕዉት መብጣሕቲ ሓበላ ተኻዪዱ



ኣብ መወከሲ ሆስፒታል ዞባ ደቡብ፡ ምስ ጉጅለ ሓካይም 'ኣልበሰር' ብምትሕብባር፡ ካብ 15 ክሳብ 22 ለካቲት ን420 ዜጋታት ናጻ ናይ ሓበላ ዓይኒ መብጣሕቲ ተኻዪዱ።

ክኢላ ሕክምና ዓይኒ ዶ/ር ብስራት ወልደጊዮርጊስ፡ መርመራታት ካብ እተገብረሎም 1,500 ዜጋታት - ኑቶም 420 ዕዉት መብጣሕቲ ከምእተኻየደሎም፣ ኑቶም ዝተረፉ ድማ መድሃኒትን መጽርን ከምእተዋህቦም ገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ምቁጽጻር ዑረት ኣቶ ኣለም ዘርኣያስ፡ ሓበላ ዓይኒ ካብ'ቶም ቀንዲ ጠንቂ ዑረት ምዃኑ ብምሕባር፡ ዝኺ ንምውጋድ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ኣብ 6 ዞባታት ሃገርና ቡዙሓዋኑ መብጣሕቲ ከምዝካየድ፣ ፍሉይነት ናይ'ዚ ምስ ጉጅለ 'ኣልበሰር' ብምትሕብባር ዝግበር ዘሎ ወፍሪ ድማ፡ ኣብ ሓደ እዋን ብብዝሒ ቁጽሪ ስለዘኣንግድ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ስራሕ ዝተሳተፈ ኣባል ጉጅለ ሓካይም 'ኣልበሰር' - ሶርያዊ ዶ/ር መሓመድ ዓብዱላህ፡ ኣብ ኤርትራ ብዘለዎ ኣገልግሎት ሓያሎ ሕሙማት ዳግም ክርእዩ ብምብቃዖም ዝተሰመዖ ሓጎስ ገሊጹ።

ጉጅለ ሓካይም 'ኣልበሰር'፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት'ውን ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ን445 ዜጋታት ዕዉት መብጣሕቲ ኣካዪዱ ምንባሩ ዝዝከር እዩ።

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

መድሃኔ ጸጋይ

## ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ

### ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ልምዓት ጸባን ውጽኢቱን ዘስምዖ መኽፈቲ ቓል

ዝኸበርካ ኣቦ መንበር!
ዝኸበርኩም ሚኒስተራት፡ ኣመሓደርቲ ዞባታትን
ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን !
ዝኸበርኩም ኣምባሳደራትን ወከልቲ ትካላት ሕቡራት
ሃገራትን!
ዝኸበርኩም ላዕለዎት ሓለፍትን ወከልትን ASARECA, Tseagasc, DeSira, Vita, IFAD, FAO, ትካላት ምርምርን ላዕለዋይ ትምህርትን!
ዝኸበርኩም ዲናት ኮሌጃት!
ዝኸበርኹም ካብ ደገ ዝመጻእኩም ተሳተፍቲ!

ዝኸበርኩም ዕዱማት ኣጋይሽ !

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን

ኣብ መኽፈቲ ናይዚ ቦኽሪ ዋዕላ ልምዓት ጸባን ውጽኢቱን ቃለይ ከሰምዕ እንከለኹ ሓበን ይስምዓኒ። እዚ መድረኽ፡ ነቲ ብሓባር ንምዕባለ ናይዚ ዓውዲ እንገብሮ ጻዕሪ ዓቢ ድርኺት እዩ።

ኩልና ከም እንግንዘቦ፡ እዚ ጽላት፡ መሰረት መነባብሮ ናይ ሚልዮናት ሓረስቶት ብምዃኑን ንሓፈሻዊ ዕብየትን ልምዓትን ሃገራትና ደራኺ ስለዝኾነን፡ ኣብ ቁጠባ ዓቢ ግደ እዩ ዘሎዎ። እንተኾነ፡ ኣብዚ በብግዚኡ ዝቀያየር ዘሎ ዓለም ክንዕወት እንተኼንና፡ ኣብ ቅድሜና ዘለዉ ብድሆታትን ዕድላትን ብግቡእ ክንግንዘቦም ከድልየና እዩ።

ዝኸበርኩም ተጋባእቲ

ሎሚ ተጋቢእናሉ ዘሎና ምኽንያት፡ ንልምዓት ጸባን ውጽኢቱን ንምድንፋዕ ብሓባር ንምዝታይ እዩ። ወሰኽ-ክብሪ ጸባ፡ ዓንዲ ሕቖ ምዕባለ ናይዚ ዓውዲ ምዃኑ ናይ ሓባር ግንዛበ ክህልወና ኣገዳሲ እዩ። እዚ ኸኣ ንነፍስ-ወከፍ ደረጃ ማለት፡- ምህርቲ፡ ምስርሒ፡



ዝርግሐን ሃልክን ዘጠቓልል እዩ።

ኣብዚ ክንርድኦ ዘሎና፡ ነፍስ-ወከፍ ቀለቤት ኣገዳሲ ምዃኑን ዝኾነ ድኻም ከኣ ኣብ መላእ እቲ ስርዓት ዓቢ ሃስያ ከም ዘለዎን እዩ።

እዚ ዋዕላ፡ ንኹልና ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራትን ጽላታትን ዝመጻእና መሻርኽቲ፡ ፍልጠት፡ ተመኲሮ ከምኡ'ውን ብሉጽ ኣብነት ንምልውዋጥ ዝሕግዝ መኣዲ እዩ። እዚ መድረኽ፡ ንዘጋጥሙና ዘለዉ ብድሆታት ብብሉጻት ሓሳባትን ኣገባባትን ንምፍትሖም ኢሂን-ምሂን እንብለሉ እዩ።

ሓደ ኻብቲ ኣብዚ ዓውዲ፡ ከነቃልበሉን ብትግሃት ክንሰርሓሉን ዝግብኣና፡ ጉዳይ ቴክኖሎጂን ኣብነታውያን ተመኲሮታትን እዩ።

ኣብዞም ዝሓለፉ ውሑዳት ዓመታት፡ ልምዓት ጸባን ውጽኢቱን፡ ኣብ ዓለምና ኣብ ምዕባለ ሰብ-ኣልቦ ስርዕተ ሕልቦ፡ ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ኣመጋግባ ከምኡ'ውን ኣብ ጀነቲካዊ መስርሕ ቅማረ ዝተምርኮሰ ስርዓተ ምድቓል ዘደንቕ ምዕባለታት ኣመዝጊቡ እዩ። ቴክኖሎጂ ተጠቒምና፡ ኣብ መላእ'ቲ ሰንሰለት ክብሪ እቶታውነት፡ ጽፈት ኣሰራርሓ፡ ቀጻልነት ብዘሎዎ መገዲ ርእይ ምምሕያሽ ክንገብር ንኽእል ኢና።

ካብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ብዘይንእስ፡ ንጉዳይ ዕዳጋን ብዙሕነት ፍርያትን ዓቢ ኣቓልቦ ክንህቦም ይግብኣና። ጠለብ ጸባን ውጽኢቱን ኣብ ሃሃገራትናን ኣብ ዓለምን እናዓበየ ይኸይድ ከም ዘሎ ኩልና እንግንዘቦ ሓቂ እዩ። ነዚ ዕድል ንምምዝማዝ ከኣ ሓደስቲ ዕዳጋታት ምድህሳስ፡ ሓደስቲ ምህርቲ ወሰኽ-ክብሪ ከምኡ'ውን ብቕዓቱን ድሕነቱን ዘመስከረ ቀጻሊ ቀረብ ከምዝህሉ ምግባር መሰረታዊ እዩ።

ዝኸበርኩም ተጋባእቲ

ካልእ ዓቢ ጉዳይ፡ ድሕነት ሓረስቶትና እዩ። ንሳቶም፡ ዓንዲ-ሕቖ ልምዓት ጸባን ውጽኢቱን ስለ ዝኾኑ፡ ድሕነቶም ብቐዳምነት ዝሰራዕ እዩ። ብፍልጠት፡ ስልጠና፡ ብዕድላት ምወላ ከነተርንዮም ከድልየና እዩ። ሞያኦምን ዓቕሞምን እንተኣበሪኽናዮ፡ ድልዱልን ርቡሕን ጽላት ክንሃንጽ ንኽእል ኢና።

ብተወሳኺ፡ ምትሕብባርን ሽርክነትን ቀንዲ መፍትሕ ዓወት'ዩ። እዚ ዋዕላ፡ ካብ መንግስቲ፡ ኢንዱስትሪ፡ ትካላት ምርምር፡ ትካላት ላዕለዎት ትምህርቲ፡ ማሕበራት ኣፍረይትን መስራሕትን ጸባ ንዝመጹ ተጋባእቲ ሓሳብ ንሓሳብ ክለዋወጡን ሽርክነት ክምስርቱን ምቹእ ባይታ ክፈጥር ትጽቢት ይግበረሉ።

ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና፡ ንብድሆታትና ብምስዓርን ንዕድላትና ብምምዝማዝን፡ ኣብቲ መላእ ሰንሰለት ክብሪ ቀጻልነቱ ዘውሓሰ ልምዓት ጸባን ውጽኢቱን ከነረጋግጽ ንኽእል ኢና።

ዝኸበርኩም ተጋባእቲ

ንኤርትራ ብዝምልከት፡ ክሳዕ ሕጂ ንህዝብና ውሕስነት ጸባን ውጽኢቱን ከነረጋግጸሉ ኣይከኣልናን። በዚ ምኽንያት ኢና ኸኣ ነዚ ዋዕላ ክንውድብ ዝተበገስና። ካብዞም ካብ ደገ ዝሳተፉ ዘለዉ፡ ትካላት ምርምር፡ ትካላት ምፍራይን ምምስራሕን ጸባ፡ ትካላት ላዕለዎት ትምህርቲ ወዘተ. ንዝቐጽል ጉዕዞና ኣብዚ መዳይ ብዝሓሸን ዝማዕበለን ኣገባብ ንኽንምርሽ ጭቡጥ ተመኲሮታቶም ከካፍሉና'ዮም። ሓረስቶትናን ሞያውያንናን'ውን ግብራዊ ስልጠና ንኽወስዱ ከም ዝተሓባበሩና ድማ እምንቶና እዩ። ካብዚ ተበጊስና ኸኣ ነቲ ህዝብና ካባና ዝጽበዮ ዘሎ ርቡሕን ብቑዕን ምህርቲ ንዘቤታዊ ሃልክን ክንዮኡን ንምርግጋጽ ዝሓሸን ዝጠጠሐን መገዲ ኣብ ምጽራግ ክሕግዘና እዩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣብዚ ዓውዲ፡ ብዝተፈላለየ መገዲ ዝሓገዙና መሻርኽትና ብዙሓት ስለዝኾኑ፡ ብጥቕሉሉ ንወደብቲ ዋዕላ፡ ኣቕረብቲ ወረቓቕቲ፡ ተጋባእቲ፡ ንመወልቲ ልባዊ ምስጋናይ ኣቕርበሎም። ተሳታፍነትኩምን ንምትሕግጋዝ ዘሎኩም ድሉውነትን ኣዝዩ ዝምስገን'ዩ። ካብ ውሽጢ ይኹን ካብ ደገ ዝቐረቡ መጽናዕታዊ ጽሑፋትን ዝካየዱ ዘተታትን ከኣ ናብ ዝሓየለን ዝሃብተመን ሰንሰለት ወሰኽ-ክብሪ ጸባ ከም ዘብጽሑና ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብዚ ንኽልተ መዓልትታት ዝቕጽል ምይይጥን ቀጺሉ ዝትግበር ዑደት ናብ ኣብነታውያን ሓረስቶትን ዓወት እምነየልኩም።

ኣብ መወዳእታ፡ ንኣሰናዳእቲ ናይዚ ዋዕላ፡ ስለ'ቲ ውሕሉል ኣወዳድባኦም፡ ብስምኩምን ብስመይን ኣገናዕ እብሎም።

ጽን ኢልኩም ስለዝሰማዕኩምኒ
አመስግን።
21-02-24



# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

## ንዓይ'ውን ይምልከተኒ'ዩ

ኣማኻሪ፤ ሄለው ናብ ሃማመተኤ ምኽሪ ብቴለፎን ደዊልካ ኣለኻ። መን ክብል?

ደዋሊ፤ ዮሴፍ እብሃል፡ ካብ ኣስመራ እየ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ዮሴፍ ዕድመኻዶ ምነገርካኒ?

ደዋሊ፤ ሕጂ ደኣ ወዲ 42 ዓመት እየ።

ኣማኻሪ፤ እሞ እንታይ ክሕግዘካ?

ደዋሊ፤ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ናይ ገዛ መኪና ብሕጋዊ መንገዲ ዓዲገ። ሸያጢ ገንዘብ ምስ ተቐበለ መኪናይ ከረክበኒ ዝግብኦ ኣየረከበንን። ኣብ ቅድሚ ሳምዕ ድማ ከረክበኒ ሓቲተዮ። እንተኾነ ግን ዝተፈላለየ ምኽንያታት እናኣቕረበ ከረክበኒ ብዘይ ምኽኣሉ ከሲሰዮ። ጉዳይና ብሕጊ እናተራእየ እንከሎ ግን፡ ብዓልቲቤት ሸያጢ ኣብ መጋባእያ ቀሪባ፡ "እዛ ብዓልቤተይ ዝሸጠልካ መኪና ንብረት ሰብኣይን ሰበይትን ስለዝኾነት ንዓይ'ውን ትምልከተኒ እያ፡" ብምባል ተቓውሞ ኣቕሪባ። ቤት ፍርዲ ከኣ ንዝቐረበ ተቓውሞ ተመልኪቱ ንዓይ መልሲ ክህበሉ ቆጸራ ሂቡ ኣፋኒዩና። ኣብዚ ክሓቶ ደልየ ዘለኹ፡ ጉዳየይ ምስ ሸያጢ ድኣ'ምበር ምስ ብዓልቲቤት ሸያጢ ኣይኮነን ነይሩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ እየ ኣነ ንሸያጢ ክኸስስ ዝኸኣልኩ። ስለዚ፡ ብዓልቲቤት ሸያጢ ኣብ ዘይምልከታ ጉዳይ ኣትያ ንዓይ'ውን ትምልከተኒ እያ ብምባል ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪባ ክትከራኸር ሕጊ ይድግፋ ድዩ?

ኣማኻሪ፤ ብዓልቲቤት ሸያጢ ይምልከታን ኣይምልከታን ቅድሚ ምባልና፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ብሕጊ ክከራኸር ዝኽእል ሰብ መን'ዩ ንዝብል ሕቶ ምምላስ ኣገዳሲ እዩ። ብመሰረት መሰጋገሪ ሲቪላዊ ስርዓት-ሕግና፡ ዝኾነ ሰብ ኣብ ቤት ፍርዲ ክከራኸር ምስ ዝደሊ፡ እቲ ሰብ ሕጋዊ ብቕዓት ክህልዎ ይግባእ። እዚ ማለት ከኣ እቲ ሰብ ብስሙ ከም ከሳሲ ኣንጻር ተኸሳሲ ወይ'ውን ኣመልካቲ ኣንጻር ተጸዋዒ ክከራኸር እንተ ድኣ ኮይኑ፡ ብሕጊ ዘይብቑዕ ክኸውን የብሉን።

ደዋሊ፤ ብሕጊ ዘይብቑዕ ዝብሃልከ እንታይ ማለት'ዩ?

ኣማኻሪ፤ እዚ ማለት እቲ ሰብ ኣብ ዝለዓል ጉዳይ ስሩዕ ረብሓ ክህልዎ እንከሎ ማለት ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ከም ዕድመ፡ ኩነታት ጥዕና ኣእምሮ፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ረቛሒታት ከማልእ ይግባእ። ንኣብነት እቶም ብሕጊ ዘይብቑዓት ዝብሃሉ ሰባት፡ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም፡ ናይ ኣእምሮ ሕማም ዘለዎም ሰባት፡ ብቤት ፍርዲ ዝተኣገዱ ሰባት ብሕጋዊ ወኪሎም ወይ ሞግዚቶም እንተ ዘይኮይኑ፡ ባዕሎም ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም ክከራኸሩ ኣይፍቀደሎምን'ዩ። እዚ ንኹሎም ሰብ ጉዳይ ዝምልከት ኮይኑ፡ ነፍሲወከፍ ተኸራኻሪ ወገን ከማልኦ ዝግባእ እዞም ዝስዕቡ ተወሰኽቲ ረቛሒታት ኣለዉ። ብመሰረት ሲቪላዊ ስርዓት-ሕግና ከም ዝድንግጎ፡ ዝኾነ ሰብ ከም ከሳሲ ኮይኑ መዝገብ ክኸፍት እንተ ደልዩ፡ ኣብቲ ጉዳይ ስሩዕ መሰል ወይ ረብሓ ክህልዎ ይግባእ።

እቲ ንኽሲ ምኽንያት ዝኾነ ስሩዕ ረብሓ ኸኣ ብሕጊ ተፈላጥነት ዘለዎ ክኸውን ይግባእ። እቲ ተተንኪፉ ዝብሃል ዘሎ ረብሓ፡ ብባህልን ልምድን ጥራይ ዝፍለጥ ብዘኾነ ሕጊ ተፈጻምነት ዘይብሉ ምስ ዝኸውን፡ ናይ ምኽሳስ መሰል ኣይህሉን።

እቲ ክኽስስ ዝደሊ ዘሎ ሰብ'ውን ብውጽኢት ናይቲ ጉዳይ ብቐጥታ ዝረብሕ ክኸውን ይግባእ። ብውጽኢት ናይ ሓደ ጉዳይ ክረብሑ ዝኽእሉ ሰባት ብዙሓት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እንተኾነ እቶም ካብቲ ጉዳይ ብቐጥታ ረብሓ ዘለዎም ጥራይ እዮም ክሲ ናይ ምቕራብ ስሩዕ መሰል ዝህልዎም።

ብኣንጻሩ ድማ፡ ሲቪላዊ ስርዓት-ሕግና፡ ሓደ ሰብ ክሱስ ወይ ተኸሳሲ ዝኸውን ከሳሲ ካብኡ ዝሓቶ ዳንነት ወይ ረብሓ ምስ ዝህሉ ጥራይ ምዃኑ ይድንግግ። ምኽንያቱ፡ ዕማም ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ዘይተጨበጡ ጉዳያት ሓሳብ ንምሃብ ዘይኮነ፡ ተወጺዐ ንዝብል ወገን ፍትሒ ንምሃብ ስለዝቐማ'ዩ። ሓደ ሰብ ክሱስ ክኸውን እምበኣር፡ ከሳሲ ካብኡ ዝሓቶ ዳንነት ክህሉ ይግባእ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ክርክር ብዘይካ ከሳስን ተኸሳስን ካልኦት ሰባት'ውን ክውሰኹ ዝኽእልሉ ስርዓት ኣሎ። ሓደ ኣብ መስርሕ ዳንነት ኣብ ዘሎ ጉዳይ ረብሓ ኣለኒ ዝብል ውልቀሰብ፡ ኣብቲ ጉዳይ ጣልቃ ኣትዩ ክከራኸር ተኽእሎ ኣሎ። እቲ ረብሓ ኣለኒ ዝብል ሰብ ኣብቲ ጉዳይ ጣልቃ ክኣቱ እንተ ኾይኑ፡ ብቐጥታዊ ውጽኢት ናይቲ ኣብቲ ጉዳይ ዝወሃብ ውሳነ ወይ ትእዛዝ ዝረብሕ ወይ ብኣንጻሩ ዝጉዳእ ክኸውን ይግባእ።

ጣልቃ ኣታዊ ኣብ ሓደ ጉዳይ ጣልቃ ክኣቱ እንተ ኾይኑ፡ እቲ ዝካየድ ዘሎ ክርክር ብኸመይ መልክዕ ንረብሓኡ ወይ መሰሉ ከም ዝትንክፍ ብምዝርዛር፡ ናብ ቤት ፍርዲ ምልክታ ከቕርብ ይግደድ። እቲ ቤት ፍርዲ ነቲ ምልክታ ድሕሪ ምምርማር ኣመልካቲ ብውጽኢት ናይቲ ጉዳይ ረብሓኡ ዝትንከፍ ኮይኑ ምስ ዝረኽቦ፡ ኣብቲ መዝገብ ኣትዩ ክከራኸር ክፈቕደሉ ይኽእል እዩ።

እቲ ብኣሉታ ዝጽሎ ረብሓ ህዝባዊ መልክዕ ምስ ዝህልዎ ከኣ፡ ቤት ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ ኣብቲ ጉዳይ ጣልቃ ኣትዩ ክከራኸር ክፍቀደሉ ከመልክት ይኽእል እዩ። እቲ ተተንኪፉ ዝብሃል ህዝባዊ ረብሓ ናይ ምርዳእ ሓላፍነት ናይ ኣኽባሪ ሕጊ ኮይኑ፡ ቤት ፍርዲ ነቲ ዝቐረበሉ ምኽንያት ቅቡል ኮይኑ ምስ ዝረኽቦ፡ ኣኽባሪ ሕጊ ኣብቲ ጉዳይ ኣትዩ ክከራኸር ክፈቕደሉ ይግባእ።

ሳልሳይ ኣካል ክሱስ ዝብሃል ካልእ ወገን'ውን ኣሎ። እዚ በቲ ኣብ ልዕሊ ክሱስ ዝቐረበ ክሲ፡ ምስ ክሱስ ወይ ኣብ ክንዲ ክሱስ ክሕተት ኣብ መዝገብ ዝኣቱ ውልቀ-ሰብ እዩ። ክሱስ ኣብ ዘቕርቦ መከላኸሊ መልሲ፡ "በዚ ቀሪቡለይ ዘሎ ክሲ ተሓታቲ ኮይነ ምስ ዝርከብ፡ ምሳይ ኮይኑ ክሕተት ወይ'ውን ኣብ ክንዳይ ክሕተት ዝግባእ ውልቀ-ሰብ ስለ ዘሎ ኣብዚ መዝገብ ይእተወለይ፡" ዝብል ጥርዓን ከቕርብ ይኽእል። እቲ ሳልሳይ ኣካል ክሱስ ኮይኑ ኣብ መዝገብ ዝኣቱ ውልቀ-ሰብ፡ ክሱስ ብኸሳሲ ምስ ዝርታዕ፡ ንኽሱስ ዘካፍሎ ወይ'ውን ነቲ ክሱስ ዝኸፈሎ ዝትክኣሉ እዩ።


ክሱስ፡ ኣብቲ ጉዳይ ዘየለ ሰብ ከም ሳልሳይ ወገን ክሱስ ኮይኑ ክኣቱ እንተ ደለየ፡ ኣብ መልሱ ብኸመይ መልክዕ ካብቲ ሳልሳይ ኣካል ክሱስ ደገፍ ወይ ካሕሳ ከም ዝግብኦን፡ ዓቕን ናይቲ ካብ ሳልሳይ ኣካል ክሱስ ዝሓቶ ሓላፍነትን ብምግላጽ፡ እቲ ውልቀ-ሰብ ኣብቲ መዝገብ ክኣትወሉ ከመልክት ይኽእል። ኣብዚ ጥንቃቐ ዝግብኦ ነገር እንተ ሃልዩ፡ ሳልሳይ ኣካል ክሱስ ኣብ መዝገብ ክኣትወልካ ዝቐርብ ምልክታ፡ መተካእታ ናይ መልሲ ዘይምዃኑ እዩ። ብተወሳኺ እቲ ምልክታ ብፍሉይ ንዕኡ ተባሂሉ ዝተዳለወ ጥርዓን ዝቐርብ ኣይኮነን። ኣብ ገለ እዋን ተኸራኸርቲ ወገናት ኣብ ክንዲ መልሲ ሒዞም ዝቐርቡ ቅድሚ መልሲ ምቕራብና እገለ ዝተባህለ ሰብ ከም ሳልሳይ ኣካል ክሱስ ክኣቱ ትእዛዝ ይወሃበልና ይብሉ እዮም። እዚ ኣሰራርሓ ግን ግጉይ እዩ። እቲ ጥርዓን ከም ኣካል ናይ መልሲ ወይ ምስ መልሲ ተኣሳሲሩ እዩ ክቐርብ ዝግባእ።

ስለዚ ኣቶ ዮሴፍ ንስኻ ከም ዓዳጊ ኴንካ ምስ ሸያጢ ዝገበርካዮ ስምምዕ እቲ ዝተገብረ ስምምዕ ሕጋውነቱ ኣብ ቦትኡ ኮይኑ፡ ብመሰረት ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ዝኾነ ኣብ መስርሕ ዳንነት ዘሎ ጉዳይ ረብሓ ኣለኒ ዝብል ውልቀ-ሰብ እንተ ኣመልኪቱ፡ ኣብቲ ጉዳይ ጣልቃ ኣትዩ ክከራኸር ተኽእሎ ኣሎ። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ግን ከምቲ ኣቐዲመ ክገልጸልካ ዝጸናሕኩ እቲ ረብሓ ኣለኒ ዝብል ሰብ ኣብቲ ጉዳይ ጣልቃ ክኣቱ እንተ ኾይኑ፡ ብቐጥታዊ ውጽኢት ናይቲ ኣብቲ ጉዳይ ዝወሃብ ውሳነ ወይ ትእዛዝ ዝረብሕ ወይ ብኣንጻሩ ዝጉዳእ ክኸውን ይግባእ።

ስለዚ ቤት ፍርዲ ረብሓ ኣመልካቲት ኣብታ ንብረት ዘለዋ መሰል ውሳነ እንተ ሂቡ ረብሓ ክትንከፍ ስለ ዝኽእል ጣልቃ ኣትያ ክትከራኸር ካብ ኣፍቀደላ ንዝቐረበ ሕጋዊ ክርክር ኣብ ሕጊ መሰረት ጌርካ መልሲ ከተቕርብ ግዴታኻ እዩ።

ደዋሊ፤ ስለቲ ዝሃብካኒ ምኽሪ ኣዝየ እየ ዘመስግን፡ የቐንየለይ። ብሩኽ መዓልቲ ቻው!

ኣማኻሪ፤ ገንዘብካ ንዓኻ'ውን ብሩኽ መዓልቲ ቻው!



## ልቦና

### ኣነቓቓሒ ዛንታ

### እቲ ንእሽተይ መምህረይ

ሱራፌል ተ.

ቅድሚ ገለ መዓልታት'ዩ፣ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ቦምበይ - ህንዲ - ተራጊፍና፡ ናብ ደቡብ ቦምበይ ዝነበረ መዕረፍየይ ታክሲ ወሲደ እኸይድ ነይረ። እቲ ናብትን ናብትን ዝብል ጻዕቂ ዘለዎ ሓድሽ ትርኢት እናስተማቐርኩ እጓዓዝ ነይረ።

ታክሲ ሃንደበት ደው በለት፣ ሴማፎሮ ቀይሕ ተወልዐ። ገጸይ ናብቲ ጉደና ምስ መለስኩ ብፊተይ ሓደ ወዲ 12 ዓመት ዝኸውን ቈልዓ ኣቓልቦይ ሰሓቦ። እቲ ቈልዓ ካብ ጁባኣ ባኒ ኣውጺኡ ቀስ ኢሉ ጕመጨ። ሓደ ናይ ጽርግያ ከልቢ ጭራኡ ሰይሰይ ኣናበለ ናብቲ ቈልዓ ቀረበ። እቲ ቈልዓ ካብታ ቅጫኡ ክጕምጭ እንከሎ፡ እቲ ከልቢ ዓይኒ ዓይኒ እቲ ቈልዓ እናረኣየ ረፋዕ በላ። እቲ ቈልዓ ነቲ ከልቢ ምስ ረኣየ፡ ነታ ዝበልዓ ዝነበረ ባኒ ቀስ ገይሩ ኣብ ቅድሚ እቲ ከልቢ ኣብ መሬት ኣቐሚጡ ፍንትትን ኢሉ። እቲ ከልቢ ነታ ባኒ ድሕሪ ምሽታት ገዲፉዋ ከደ። እቲ ቈልዓ ተጣዒሱ ከይምለስ ንገለ ካልኢታት ድሕሪ ምጽባይ፡ ነታ ባኒ ኣልዒሉ ክበልዓ ጀመረ።

ብልበይ ነባዕኩ። ካብታ ታክሲ ወሪድካ ናብቲ ቈልዓ ኪድ መጺኡኒ። መዓጾ መኪና ክኸፍት ቅድሚ ምኽኣለይ፡ ሴማፎሮ ቀጠልያ ተቐየረ'ሞ ብዓል ታክሲ ጕዕዞኡ ጀሚሩ። ምሉእ መዓልቲ ኸኣ እቲ ቈልዓን ተግባሩን ኣብዛ ዓይነይ ክመላለስ ወዓለ። ድሓር እናተደረርኩ'ውን ብእኡ እሓስብ ነይረ። ኣብታ ህሞት ወሪደ ነቲ ቈልዓ ክቐርቦ፡ ክረድኦ፡ እኽእል ነይረ'የ። ግን ኣይገበርኩዎን። እቲ ክገብሮ ዝኸኣልኩስ ክሳዕ ሕጂ ምሕሳብ ጥራይ'ዩ።

እቲ ቈልዓ ዝነበሮ ቍራስ ባኒ ንዕኡ ገዲፉ ነቲ ከልቢ ሂቡዎ። እታ ባኒ ተረፍ ቍርሲ ነይራ ትኸውን፣ ጥሜት ዝነበሮ ቈልዓ'ውን እዩ ዝመስል ነይሩ። ኣብ ህይወተይ ዓቢ ትምህርቲ'የ ረኺበ። ካብዚ ንእሽተይ ቈልዓ መምህረይ፡ ብዘይ ቃላት ዓቢ ትምህርቲ ረኺበ።

Inspirationalstories.com

Dr. Derrick Angelz



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

ዓዲ ምሃብ፡ ኣህባይ ዝነብሩላ ዓዲ እያ። ኣብዛ ዓዲ ብዙሓት ኣህባይ ብሓባር ይነብሩ። መለለዩ ናይ'ዛ ዓዲ፡ ኣብ መንጎ እዞም ኣህባይ ዘሎ ፍቕርን ስኒትን እዩ። ጐደቦታት እዛ ዓዲ ንዓዲ ምሃብ፡ 'ዓዲ ስኒት'፡ 'ዓዲ ፍቕሪ' እናበሉ ይጽውዕዋ። ናይዞም ኣህባይ ኣባይቲ ብኣግራብን ቈጽለ መጽልን ዝተሰርሐ እዩ።

ካብ ዓዲ ምሃብ፡ ከባቢ ሸውዓተ ኪሎ ሜተር ርሒቑ ዝርከብ ዓቢ ጽርግያ ኣሎ። እዚ ዓቢ ጽርግያ ብደቂ ሰባት 'ጽርግያ መስተርሆት' ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ጽርግያ ንብዙሓት ዓድታት መስተርሆት ዝፈጠረ ጽርግያ እዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ንሰባት ብዘፈጠሮ መስተርሆት 'ጽርግያ መስተርሆት' ተባሂሉ ክጽዋዕ ተኣወጀ።

ጽርግያ መስተርሆት ካብ ዝስራሕ ክልተ ዓመት ኣሕሊፉ ኣሎ። እዚ ጽርግያ ንሸውዓተ ዓድታት ሰንጢቑ ዝሓልፍ፡ 50 ሜትሮ ግፍሒ ዘለዎ ዓቢ ጽርግያ እዩ።

ካብ ዓዲ ምሃብ፡ ብዙሓት ኣህባይ ናብ ጽርግያ መስተርሆት ብምኻድ፡ ካብኡ'ውን ብዚ መገዲ ዝሓልፉ ሰባት መግቢ እናተጸበዩ ክነብሩ፡ ካብ ዝጀምሩ ድሮ ክልተ ዓመት ኣሕሊፎም ነበሩ።

እዞም ኣህባይ ካብ ሰባት ተጸበይቲ ብምዃኖም፡ ንንጉስ'ዛ ዓዲ ድቃስ ከልኦ። ኑቶም ኣብ ትሕቲኡ ዝነብሩ ኣህባይ ካብ ተጸባይነት ንኽገላገሉ ገለ ክገብር ከምዘለዎ ተገንዘበ። እንታይ ክገብር ከምዘለዎ ድማ ብዙሕ ሓሰበ።

ሓደ መዓልቲ ንጉስ ዓዲ ምሃብ፡ ትሕቲኡ

## ጽውጽዋይ

## ብጻዕርኻ ምንባር...



ንዝኾነ ኣመሓዳሪ ጸዊዑ ከዘራርቦ ወሰነ። ንኣመሓዳሪ ድማ ተለኣኣኺቲ ብምስዳድ ጸውዖ።

ኣመሓዳሪ ጸውዒት ንጉስ ኣኽቢሩ ናብ ቤተ መንግስቲ ኣተወ። ኢዱ ነሲኡ ድማ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ቈመ። እታ ቤተ መንግስቲ ብኣግራብን ቆጽለ መጽልን ዝተሰርሐት ኮይና፡ ንኽትርኢያ ኣዝያ ባህ እተብል ህንጻ እያ። እዛ ቤት ንጉስ ንኽትስራሕ ኣህባይ ዓዲ ምሃብ ልዑል ብልሒ ተጠቒሞም እዮም።

ንጉስ፡ ኣመሓዳሪ ኣብ ቅድሚኡ ምስ ቈመ፡

"ክቡር ኣመሓዳሪ እንቋዕ ድሓን መጻእካ" ብምባል ሰላምታ ለገሰሉ።

"እንቋዕ ድሓን ጸናሕኩም ግርማውነትኩም። ብጸውዒትኩም መሰረት መጺኤ ኣለኹ። ግርማውነትኩም እንታይ ክእዘዝ?" ኣመሓዳሪ ንንጉስ ህበይ ኣተኲሩ እናጠመተ ተዛረበ።

ህበይ ኣመሓዳሪ ዕድመ ድፍእ ዘበለ ስለዝኾነ ገጹ ዝተጨማደደ፡ ገለ ካብ ጸጉሩ ሕብሩ ዝቐየረ እዩ።

"ሕራይ እምበኣር ካብ ደቂ ዓዲ ምሃብ ኣብ ጽርግያ መስተርሆት ብምኻድ፡ ካብ ሰባት መግብን ካልእ ቀንጠመንጢን ብምጽባይ ናብራ ህበይ ይገድፍዎ ኣለዉ። እዚ ድማ ድቃስ ካብ ዝኸልኣኒ ነዊሕ ገይሩ ኣሎ። ስለዚ ጸባሕ ኩሉ ወዲ ዓዲ ንግሆ ጸሓይ ቅድሚ ምብራቓ ኣኼባ ከምዘለና ሓብሮም። ኣብዚ ኣኼባ ኩሉ ክሳተፍ እጽውዕ። ኣብዚ ኣኼባ ዘይተረኽበ ግቡእ መቕጻዕቲ ከምዘሎ ንገሮም። ክቡር ኣመሓዳሪ ተረዲኡኻ ክትከውን ተስፋ እገብር?" ንጉስ ህበይ ኣኽሊል ናይ ርእሱ እናኣመዓራረየ ንኣመሓዳሪ ቀው ኢሉ ጠመቶ።

ኣብ ቅድሚ ንጉስ ሸዱሽተ ሓለውቲ ቈይሞም ነበሩ። ነፍሲ ወከፎም ድማ ኣብ የማናይ ኢዶም ክንዲ ቀመቶም ዝኸውን በትሪ ሒዞም ነበሩ። ነንሕድሕዶ እናተጠማመቱ ድማ ሓለዋኦም ብግቡእ ይዓሙ ነበሩ።

"ሕራይ ጐይታይ ሰሚዐኹም ኣለኹ። ከምቲ ኣብ ግዜ ኣኼባ እንገብሮ፡ ብጥሩንባ መልእኽቲ ከመሓላልፈሎም ኢና። ክቡር ጐይታይ ቀዳመይቲ ጥሩንባ ተቓረበ፡ ካልኣይቲ ጥሩምባ ኣብ ቦታ ኣኼባ ተረኸበ። ሳልሰይቲ ጥሩምባ ድማ ኣኼባ እንጅምረሉ ግዜ እዩ። ሎሚ ግን እናዘርና ኣዋጅ ክነመሓላልፍ ኢና። ካልእ ዝገብሮ ዘሎኒ እትእዝዘኒ እንታይ ኣሎ ክቡር ጐይታይ?" ኣመሓዳሪ ኣብ መሬት ተነጺፉ ዝፀበረ ካብ ላኻ ዝተሰርሐ ምንጻፍ እናጠመተ ተዛረበ።

"ካልእ'ኳ ጸባሕ ንግሆ ቅድሚ ኣኼባ እንዘራረቦ ጉዳይ ስለዘለና ቅድሚ ኣኼባ ምጽኣኒ። ንሎሚ ኣብዚ ይኣኽለና። ክትከይድ ትኽእል ኢኻ" ንጉስ ዘረብኡ ወዲኡ፡ ንኽኸይድ ምልክት ገበረሉ።

እቶም፡ ዓጀብቲ በቲ ሒዞሞ ዝነበሩ በትሪ ሰለስተ ግዜ መሬት ሃረሙ። መሬት ምህራም ናይ መፋነዊ መልእኽቲ እዩ።

"እሺ ጐይታይ ብሩኽ መዓልቲ፡" ኣመሓዳሪ ኢዱ ኣብ ኣፍ-ልቡ ሰለስተ ግዜ እናሃረመ፡ "ንዓድና ብፍቕሪ ንሓልዋ፡" ብምባል ዓው ኢሉ ጨረሐ። ጭርሖ ናይዛ ዓዲ፡ 'ንዓድና ብፍቕሪ ንሓልዋ፡' እያ ትብል።

ኣመሓዳሪ፡ ካብ ቤተ መንግስቲ ምስ ወጸ፡ ናብ ትሕቲኡ ዘለዉ ኣርባዕተ ሓለፍቲ ከደ። ኩሉ'ቲ ንጉስ ዝበሎም መልእኽቲ ኣመሓላለፈ።

ይቕጽል

## ንኣፍልጦ

ፍቱዋት ተመሃሮ ኣብ ዝሓለፈ ብዛዕባ ጽሙማን ዝጥቀምሉዎም ፊደላት ቋንቋ ምልክት እንግሊዝ ርኢና ነይርና።


ንሎሚ ድማ መቐጸልታኡ ፊደላት ትግርኛ ብምልክት ከመይ ከምእንጥቀመሎም ክንርኢ ኢና።

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ፊደላት ቋንቋ ምልክት ትግርኛ ብኤርትራውያን ጽሙማን ዝተማህዘ ምልክት ቋንቋ እዩ። ቤት ትምህርቲ ጽሙማን ኣብ ኤርትራ 1955 ዓ.ም ኣብ ከረን ተመስሪታ።

ስለዚ፡ ነዞም ፊደላት ቋንቋ ምልክት ትግርኛ ብምምላኽ ክትጥቀምሉዎምን ንኻልኦት ክትሕግዙን ትኽእሉ ኢኹም። መጀመርታ ነፍሲ ወከፍ ፊደል ቋንቋ ምልክታ ከመይ ምዃኑ ተረድኡ። ነፍሲ ወከፍ ግእዝ (ቀዳማይ ፊደል) ምስ መለኽኹም፣ ሰዓብቲ ፊደላት ናይ ኩሎም ፊደላት ዝውሰኹ ሓደ ዓይነት ስለዝኾኑ ሰዓብቲ ፊደላት ኣጽንዑ።

ስለዚ፡ ክልተ ፊደላት ማለት ፊደል ሀን ለ ምስ ሰዓብቶም ኣዳሊናልኩም ኣለና። ክልቲኦም ፊደላት ብዘይካ ኣብ ቅርጾም ሰዓብቲ ሓደ ዓይነት ምልክት እዩ ዘለዎም። በዚ ኣገባብ ድማ ንኹሎም ፊደላት ክተጽንዕዎም ትኽእሉ።


ኣብነት ናይ ፊደላት 'ሀ' ክሳብ 'ሆ'ን 'ለ' ክሳብ 'ሎ'ን እዞም ዝስዕቡ እዮም።




## ፊደላት ትግርኛ፡ ቋንቋ ምልክት




ፍቱዋት ተመሃሮ ብናይ ቋንቋ ምልክት ፊደላት ትግርኛ ምርኩስ ብምግባር እዘን ተዋሂበን ዘለዋ ክልተ ምሉኣት ሓሳባት ኣንብብወን። ስምኩም ድማ ክትጽሕፉ ፈትኑ።



ምስጋና፡ መም መድሕን ዮውሃንስ - መምህር ጽሙማን


## ካርቱን

### ዕላል ኣሌክ ምስ ሩት




## እተመሳቐለ ቃላት ብስእሊ

ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ንትኹልን ንጋድምን ዝምልኡ ስእልታት ተዋሂቦም ኣለዉ። ብስእሊ መሰረት ድማ ነዛ እተመሳቐለ ቃላት ምልእዋ። ሰናይ ስራሕ!!



# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## እቲ ዘይቀትለሲ መሐየሊና እዩ!

ጻዕሪዶ ምቾት ዘመልእ ህይወት ይሕሸና?

“ንሕምቶዶ ሕቶ” ትብሉ ዶ ኣለኹም? መን ኣሎ ካብ ምስትርሓው ምጭናቕ ዝፈቱ? ምርጫ እንተ ዝህልወና ካብ ዓራትና ከይተሳእና ቍርሲ፡ ምሳሕን ድራርን ምበላዕና’ምበር። ኣሎ ዘበሃል ምሩጻት ጥዑምን ነዛ ከብድና ምመላእናያ። ዘመልክዓልና በብዓይነቱ ክዳውንትን ጫማን ከኣ ምወደና። ጫማና ምሒር ካብ ዘይምርጋጽ፡ ዳግማይ ከም ሓድሽ ዕዳጋ ምወረደ፣ ብዋጋኡ’ውን ዳግማይ ምተሸጠ። ንዝደለናዮ ጉዳይ ብገንዘብና መሳለጥናዮ። ንዘፍቀርናዮ ሰብ ብህያባት ዓዊሩ ምስ ኣበርና ከም ዝቕበለና ምገበርና። ሕልፊ ካልኦት፡ ብሃብትና ቀዳምነት ምረኸብና። መን ይፈትወና ምፍላጥ ክንደየናይ ከየገድሰና፣ እቲ ምንትይሲ ኵሉ ንገንዘብና ኢሉ ክቐርበና እዩ። ኣየ’ወ ኵሉ ዘደለየናዮ ከይሓተትና ክዳለወልና ከሎ...። ንዘበደልናዮ መደበሲ ገንዘብ ከሎ፡ ብዛዕባ ክብረት ሰብ ምሕሳብ፡ ምሕላይ፡ ምፍቃር ዝበሃል ኣትዓብን ዋጋ ዘኽፍልን ጉዳያት እንታይ ኣለና ንግደስ? እንታይ ገደሰና ነዊሕን ኣህላኽን ጉዕዞ ንኸይድ? ገንዘብ እንተ’ሎ ንሰማይ መንገዲ ኣሎ እኳ ዝበሉ መሳሉ።

ናብ ተፈጥሮና ተመሊስና እንተ ሓሲብና ግን እንታይ ኢና ንመርጽ? ምቾት ዶ ጻዕሪ? ነብስና ነዞም ዝሰዕቡ ሕቶታት እንተ ሓቲትናያ፡ እንታይ ትመርጽ ትኸውን?

ዝያዳ ክብሪ ንመን ንህብ?

ኣብ ህይወትና፡ ካብ ህይወትና ጀሚርና፡ ንኹሉ እንህቦ ዋጋ ወይ ዓቐን ክብሪ ሓደ ኣይኮነን። ገሊኡ ምስ ሰብ ዘለዎ ዝምድናታት ዝያዳ ዋጋ ክህብ ከሎ፡ ገሊኡ ኸኣ ንብሕትው ህይወቱ ዝያዳ ክብሪ ይህብ፣ ገሊኡ ምስ ኣካዳምያዊ ተመኩሮ ዝያዳ ክብሪ ክህብ ከሎ፡ ገሊኡ ኸኣ ንሞያዊ ተመኩሮ ክብሪ ይህብ። እንተኾነ፡ ኣብ ሓደ ምርጫ ግን ብዙሕ ተመሳሳልነት ኣለና። ዘጸዓርናሉ ጉዳይ ወይ ውጽኢት ካብቲ ብህያብ ወይ ከይጸዓርና ንረኽቦም ጉዳያት ዝያዳ ክብሪ ንህብ ምኳንና እዩ። ኣብ መንጎ ካብ ትሑት ደረጃ ቍጠባ ዝመጽኡ’ሞ ብጻዕሪ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዝበጽሑን እቶም ብሓለፋ ዝመጽኡን ሰባት፡ ኣብቲ ረኺቦሞ ዘለዉ ዕደል ዘለዎም ክብሪ ሓደ ኣይኮነ። ርሑቕ ከይከድና ኤርትራውያን ኣብ ናጽነትና ዘሎና ክብርን ካልኦት ናጽነቶም ብቕልል ዝበለ (ብሓባራዊ ስምምዕ ኣብ ሓደ ኣኼባ) ዝረኸቡ ህዝብታትን ዘሎ ክብሪ ሓደ ኣይኮነ። ስለዚ ዋጋ ንዘኽፈልናሉ ዕደል፡ ልዑል ክብሪ ናይ ምሃብን ምክልኻልን ባህሪ ኣለና። ዋላ’ኳ ኵሉ ነገር ብነጻ ከይጸዓርና ክንረኽቦ ንፈቱ ይምሰለና፡ ውሽጥና ነቲ ብነጻ ዝረኸብናዮ፡ ብነጻ ንኻልእ ክንህቦ ወይ ክንከስሮ ኣይጽግመናን እዩ።

ከም ሰብ ከ ንመን ነኽብር? ነቲ ብውርሻ ወለዱ ዝደልደለዶ ወይስ ነቲ ካብ ታሕቲ ብጻዕሩ ኣብ ዝደለ ደረጃ ዝበጽሐ? ናይቲ ዝኾነ ጸገም





ዘይረኣየ ዶ ወይስ ናይቲ ብሕሰምን መከራን ዝሓለፈ ሰብ ውሳነ ወይ ሓሳብ ንኣመን? ባኒ ስኢኖም ሪጋ ዝገብሩ ምስ ረኣየት ንምንታይ ኬክ ዘይበልዑ ዝበለት ጓል ንጉስ እንተ ንረኽብ፡ ብዛዕባ ቍጠባ ከተማኽረና ምሓተትናያዶ? ናይ መን ዛንታ ክንሰምዕን ክንመሃረሉ ምበሃግና፤ ናይቲ ሓደ መዓልቲ ተንሲኡ ኣብ መገዱ ሎቶሪ ዘበጽሖ ሰብ ዶ ወይስ ናይታ ኣብ ንኡስ ዕድሚኣ ብሰሪ ድኽነት ሕልማ ከተትግብር ፋልን ማስቲካን እናሸቀጠት ሕልማ ዝጨበጠት? ዛንታ ተባኢሶም ዘይፈልጡ ፍቑራት ዶ ወይስ ውላድ ዝኣበዮም ግን ኣብ ሓዳሮም ንልዕሊ 20 ዓመት ዝጸንዑ? ናይ መን መጸናንዒ ቃላት ተስፋ ምሃበና፤ ናይታ መንሽሮ ዝሓመመት እሞ ዝተረፋኣ ግዜ ህይወት ብተስፋ ትነብር ወይስ ኣብ ወደባት ንብረታ ብሰሰላም ከተእቱ ብተስፋ ትጸበ ዘላ ሰብ? ስለዚ ብቓላትና ካልእ ንብል ንኸውን እምበር፡ ውሽጥናስ ዝተሰረተ መትከል ኣለዎ። ክብሪ ምሃብ፡ ምእማን፡ ተስፋን ካልእን ካብ ቃላት ሓሊፎም ምልኣት ርእስን ልብን ሰለዝኾኑ ዓመቑቲ ሰረት ሰብኣዊ መንነትን እዮም ክንብል ንኽእል።

ብኸመይ ምሉእ ጥዕና ይህልወና?

ምሉእ ጥዕና ክህልወና መሰረታዊ ጠለብ ምዃኑ ዝቃወም ኣሎ ኣይብልን፣ ስለዚ ኣገዳስነቱ ክሓልፎ። ሓሚምና ናብ ሕክምና ምስ ከድና፡ ካብ ነቶም ክንበልዖም ዘለና፡ ነቶም ከነወግዶም ዘለና መግቢ ዝያዳ ይንገረና። ሽኮር፡ ቡን፡ ዘይቲ፡ ስብሒ ዘለዎ መግቢ፡ ኣልኮላዊ መስተ፡ ሽጋራ፡ ወዘተ። እዞም ዝተጠቕሱ ነገራት፡ መዓስ ኢና ኣብ ህይወትና ብብዝሕን ብቐጻልን ነዘውትሮም? ብዙሕ ሕማማት ካብ ኣገባብ ኣመጋግባና ከም ዝመጽእ ይሕበር እዩ። ስለዚ ንፍቶ ንጽላእ ክንዲ’ቲ ብመግቢ ንወስዶ ጸዓት ክንሃልኽ ኣገዳሲ እዩ። ቀደም ዘይንፈልጦም ሕጂ ግኑናት ዘለዉ ሕማማት እልቢ የብሎምን። ቅዲ መንባብርና ኸኣ ካብ ቀድም ንላዕሊ ሕጂ ዝያዳ ምቹእነት ኣለዎ። ቀደም ዓባያትና ኪሎ ሜተራት ተጓዒዘን ቤተሰብ ይበጽሓ ነይረን። ሕጂ መጒዓዝያ ብመኪና ኮይኑ ኣሎ። ስልጣነ ንድሕሪት ኣይከይድን ይብሉ እዞም ሓሰብቲ፣ ግን ምኽሳዕ ምስ መጽአ እቲ ብመኪና ዝኸይድ ዝነበረ ብእግሪ ምጒዓዝ ከዘውትር ይንገር። ስለዚ ኣብ ህይወት፡ ኣመና ምቹእ ሃዋህው ምህላዉ ከም መለክዒ ስልጣነ ክንወስዶ ንኽእልዶ? ጥዕናና ዝኣክል፡ ዓቐን ዘለዎ ጸዓት ክንወስድን ከነህልኽን ዝጠልብ እንተኾይኑ፡ እዚ ንምነየ ጥርዚ ዘይብሉ ምቹእ ህይወት ጥዕና ዘይህብ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣደታትና እግሪ ተኸሊ ቈልዓ ዕንቅፍ ኢሉ እንተ ወዲቑ፡ “መደልደሊኡ’ዩ፡” “መትብዒኡ’ዩ፡” ክብላ ዶ ሰሚዕና ንፈልጥ? እታ ኣደ ንኸይትደሃል ዝብላኣ እዩ ዝመስለኒ ነይሩ። እንተኾነ እግሪ ተኸሊ ቈልዓ ኣካላቱ በቲ ዘጋጥሞ እናተማህረን ተጻዋርነት እናኣዕበየን ስለዝኸይድ እዩ። ከይህሰዩ ጥራይ ምጥንቃቕ የድሊ። ከይወድቕ ኣመና ዝፈርሕ እግሪ ተኸሊ ቈልዓ ኸኣ ብኣንጻሩ፡ ነቲ ዘይተርፎ ምውዳቕ ዝመልእ ህይወት ይድንጉ እምበር ምጽንባሩስ ኣይተርፎን። ስለዚ ክንቈጻጸሮ ንኽእል ዓቐን ጸቕጢ ናይ ምጽዋር ዓቕምና ብምሕያል፡ ኣብ ጥዕናና እወታዊ ጽልዋ ከም ዘለዎ ውጽኢት ምርምራት ይገልጽ እዩ። ኣካላትና፡ ንጸቕጢ ምላሽ ንምሃብ ኣብ ዝገብሮ ምድላዋት፡ ኣካላትና ካብ ተኽእሎታት ረኽሲ ወይ ማህሰይቲ ንምብዳህ ምድላዋት’ውን ይገብር እዩ። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሕማማት ናይ ምጽዋር ኣቕምና እናዓበየ ከም ዝመጽእ ኣብ ትምህርቲ ተማሂርናዮ ኣለና። እንተኾነ መጀመርያና ክንሓምም ከለናን ካልኣይ ወይ ሳልሳይ ክንሓምም ከለናን ዘሎና ናይ ምጽዋር ዓቕምን ብተደጋጋሚ ከይንሓምም ንገብሮም ጥንቃቐታትን ሓደ ከም ዘይኮነ ይርደኣና ይኸውን። ኣብ ጥዕና ዘለና መርዳእታ ከነዕቢ፡ ምስ ሕማማት ዘለና ተመኩሮ እምበር፡ ካብ ዝኾነ ሕማቕ ኣጋጣሚታት ተኸዊልና ከነጥርዮ ኣይንኽእልን።

ሃልኪ ከነፋኹስ ህይወትና ምሉእ ንሰርሕ። ኣብ ገዛ ከይንሃልኽ ምእንቲ፡ ከም ሓጻቢት፡ ጠሓኒት፡ መዝሓሊት ፍርጅ፡ መብሰሊት መግቢ ጋዝን ካልእን ንመፋኹሲ ናይ ገዛ ስርሕ ንገዝእ። ብእግርና ከይንጓዓዝ መኪና፡ ኣብ ስራሕና ከይንሃልኽ ከኣ ማሽነሪታት። ብዙሕ ኣይንሰርሕን፡ ኣይንሃልኽን። እቶት ስለዘሎ ጠጥዕሙ ንበልዕ። ጥዕናና ክንሕሉ ኸኣ ገንዘብ ከፊልና ጂምናዝዮም ንኸይድ። ወዮ እቲ ዘይፍተወና ኣካላዊ ምንቅስቓስ’ውን፡ ምሉእ ጥዕና ንኽህልወና ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ባእታ እዩ። እዘን ምዕቡላት ሞባይላትና ክንደይ ኣብ መዓልቲ ብእግርና ተጓዒዝናን ህርመት ልብናን ይዕቅና። ዘበዝሐ ብእግራና ዘተጓዓዝናዮ ዝያዳ ንጥዕናና ጠቓሚ’ዩ፣ ዘብዝብ እንተ ወሲኽናሉ ኸኣ ዘበለጸ። ብቐደሙ’ውን እዞም ዝበልናዮ መፋኹሲ ወይ መሳለጢ እምበር መተካእታ ክኾኑ ኣይኮኑን ተፈጢሮም። እዞም መሳለጢ፡ ግዜ ንዝወስዱ ነገራት ንምውሓድን ግዜና ኣብ ካልእ ኣገደስቲ ነገራት (ሓደሽቲ ሓሳብ፡ ምርምር፡ ምህዞን ካልእን) ከነሕልፍን ተባሂሎም ዝተማህዙ እዮም። የግዳስ ትህኪት ንምምዕባል ሓጋዚ ሸነኽ ስለዘለዎም ይኸውን፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዘይ ግቡእ ኣገባብ ክንጥቀመሎም ንርኢ። ከም ሳዕቤኑ ኸኣ ጥዕናና ኣብ ሓደጋ ነእቱ።

ብስለትን ተበላሓትነትን ኣእምሮና ብኸመይ ነበርኾ?

ብድሆታት ንሰብ ከም ወርቂ ብሓዊ እዩ ዝምስል። ስነ-ሓሳባዊ ይኹን ስነ-ህይወታዊ ሓንጎል ደቂ-ሰብ ብስለትን ደረጃ ተበላሓትነትን ኣብ ውልቃውን ከባብያውን ብድሆታት’ዩ ዝምርኮስ። ናይ ሓደ ዘድነቐ መንእሰይ ዕላል ከዕልለኩም። እዚ መንእሰይ ድቃስ ይፈቱ እዩ። ማይ ካብ ቡምባ ናይ ምምላእ ሓላፍነት ከኣ ተዋሂብዎ። ስለዚ ነታ ቡምባ ከፊቱዋ ከይሓደር፡ ደቂሱ ከሎ ፊሰቶ መሊኡ ከይፈስስ ተሰኪፉ። እናሻዕ ተንሲኡ መጺኣን ኣይመጽኣትን ከይፍትና ኸኣ፡ መን ኣሎ’ሞ ምሉእ ለይቲ ካብ ድቃሱ ተተንሲኡ ቡምባ ማይ ክሕሉ ዝደሊ? ስለዚ ኣብታ ኣፍ ቡምባ፡ ማይ ጥብ ምስ በለታ ኣላርም ወይ ምልክት ድምጺ ተስምዕ መሳርሒት ብምስራሕ፡ ማይ ኣብ ዝመጽኣታ ግዜ ተንሲኡ ማዩ መሊኡ ክድቅስ ከኣለ። እዚ ዘድነቐ ተበላሓትነት ካብ ጸበባ እምበር ካብ ራህዋ ኣይመጽእን እዩ። እዚ መንእሰይ እታ ዘጋጠሞቶ ፈተነ እንተ ዘይትገጥሞ ዶ እጅገኡ ሰብሲቡ ነዛ መሳርሒት፡ መፍትሒት ጭንቀቱ ምሰርሓ? ኣይመስለንን። ስለዚ በሊሕ ኣእምሮ እንክለና፡ ህይወት ጸቢቡና እናበልና ነማርር እንተ ሃሊና፡ ጥቕሚ ሓንጎልና ብግቡእ ዘይተረዳእናዮ ከይንኸውን። እምበር ናብ ዝኸድና ኬድና ጸበባስ ኣሎ፣ ኣብ መንጎ መፍትሒታት ዝምህዝን ዘይምህዝን ጥራይ’ዩ እቲ ፍልልይ።

ኣብ ባይሎጅያዊ መስርሕ ሓንጎል ምስ እንርኢ፡ ማእከላይ ወይ ማዕረ ዓቕምና ዘኾነ ዓቐን ጸቕጢ፡ ኣብ ሓንጎልና “ኒውሮትሮፊን” ዝበሃል ከሚካል ክምስራሕ ከም ዘነቓቕሕ ተመራመርቲ ይገልጹ። ጥቕሚ “ኒውሮትሮፊን” ኣብ መንጎ ሓንጎልን ዋሃዮታት ሓንጎልን ዘሎ ርክብ ዘደልድል ከሚካል እዩ።

ስምዒትና ናይ ምቊጽጻር ብቕዓት ብኸመይ ነዕቢ?

ለበዳ ቫይረስ ኮረና መጀመርታ ኣብ ሃገርና ምስ ኣተወ፡ ካብቲ ኣብ ገዛኡ ተዓጽዩ ዝነበረ፡ እቲ ኣብ ፈቓዱ ወሃብቲ ኣገልግሎት ህዝቢ ንምግልጋል ህይወቱ ኣብ ሓደጋ እናእተወ ዝዓዩ ዝነበረ ጸቕጢ ናይ ምጽዋር ዓቕሙ ይሕይል። “እቲ ዘይቀትልሲ መሐየሊና እዩ!” ብእንግሊዝኛ ዝተባህለት ኣበሃህላ ጽብቕቲ መግለጺ ናይዚ ነጥቢ እያ። ፍርሒ ሓደ ካብቲ ብተደጋጋሚ ነብስና ናብ ጸቕጢ ብምቅላዕ ንሰዕሮ ስምዒት እዩ። ካብቲ ዘፍርሓና ተሓቢእና ንግዚኡ ነውግዶ ንኽእል ንኸውን፣ እንተኾነ ናብ ኣገልግሎት ምኽርን ማዕዳን ወይ ጥዕና ኣእምሮ ምስ ንኸይድ፡ ፍርሕና ከነሕምቕ ፊት ንፊት ክንገጥሞ’ዩ ዝንገረና። እዚ ኸኣ ካብ ሓደ ግዜ ንላዕሊ ምስ ዘፍርሓናን ዘጨንቐናን ጉዳይ ምርኻብ እዩ። ኣብዚ ዕረ ዘጥዕም ኵነታት፡ ኣእምሮና ካብቲ ሒዝዎ ዘጸንሖ ሓደ ዘፍርሕ ስእሊ ናብ ካልእ ክንጸሮ ንኽእል ስእሊ ናይቲ ጉዳይ ይሰጋገር። ደርሆ ዘፍርሓ ቈልዓ እንተ ሃልያትና፡ እታ ደርሆ ኣብ ገዛ ክትጒዩን ድምጽ ክትገብርን እንተ ኣሰቢዳታ፡ ነታ ደርሆ ብምሓዝ ካልእ ዘየሰንብድ ስእሊ ከም ትሕዝ ንገብር። እታ ቈልዓ ኸኣ ደርሆ ክትርኢ ከላ ኣይትበኽን።

ጭንቀት ወይ ጸቕጢ ዝፈቱ ዘሎ’ኳ ኣይመለስንን፣ እንተኾነ እቲ ንኽንምሃር ዓቢ ተራ ዘለዎ ጸቕጢ፡ ሚዛናዊ ጸቕጢ እዩ። ኣብ ዕላልና ብብዝሒ ንዝክሮም ሸነኻት ህይወትና ኣየኖት እዮም ምስ እንብል፡ እቶም ክንሓልፎም ዘበድሁና ኣጋጣሚታት እዮም። ኣብ ትምህርቲ’ውን ካብ ቅኑዕ መልስና ‘ክንደይ ተጋግየ፡’ ‘እንታይ ተጋግየ፡’ ብምባል ኢና ንጌጋታትና ኣድህቦ ንህብ። እዚ ኸኣ ካብ ጌጋታትና ብብዝሒ ከም ንመሃር ዘርኢ ባህሪ እዩ። ጌጋና ኣብ ንእረመሉ ግዜ ዝውሰዱ ጥበባት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ተመሃሮ ጌጋ ክገብሩ ከይፈርሑ ምዝካር ኣገዳሲ እዩ። ክንቈጻጸሮም ዘይንኽእል ስምዒታት፡ ብፍላይ ፍርሒ፡ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ንኸይንውሰን ገታእቲ እዮም። ኣብ ወጥርን ጻዕርን ዝርከቡ ሰባት ግን ነዚ ኣብ መንገዶም ስለዝረኽብዎ፡ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናተላመድዎ ይኸዱ’ሞ፡ ሓያላት ወሰንቲ ይኾኑ። ኣብ ጽንኩር ኵነታት ብስምዒታቶም ከይተሸፈኑ ሚዛናዊ ስጉምቲ ክወስዱ ንርእዮም።

ኣጠቓልል ኣቢልና ኪንዮ’ቲ ሕልሚ ደርሆ ዝመስል ባህግታትና፡ ናብ መሰረትና ተመሊስና ምስ እንሓስብ፡ ጻዕሪ ዘይተሓወሶን ወጥሪ ዘይብሉን ህይወት ኣሰልቻዊ እዩ። ስንጥቕ ዝበለ ጸጋ ዘጣጥሖ ናብራ ነገስታት እንተ ዝህልወና፡ ከም ቡድሃ ረጥሪጥናዮ ትርጉም ህይወት ክንደሊ ናብ ዓለም ምወጻእና እብል። ህይወትና፡ ትርጉማን ርዝነታን ብጻዕሪ ዝዕቀን እንተኾይኑ፡ መን ደኣሉ መሰረትና ገዲፍና ኣቋራጭ ክነብር ከም ዝሓሸ ኣማራጺ ዝሃበና? ውሽጥና ዝኣምኖን ዘኽብሮን ገዲፍና ከም ፓፓጋሎ መልእኽቲ ካልኦት ደኣ ንደግም ከይንህሉ። ፈጣሪ ንኣዳም “ጽዒርካ ብላዕ” ኢሉ ረጊምዎ ዝበሃልሲ፡ ጽዒርካ ምብላዕ ደኣ መርገም ድዩ ምርቓ?

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

HME Maintenance Supervisor
Number required – (02)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities.

- To support the senior maintenance supervisor in the day to day running of the fixed and mobile mining equipment.
- To make strategic decisions in the absence of the maintenance superintendent.
- Mentor and coach, the junior workforce with the view to making internal promotions in the future.
- Ensure a clean, safe, and environmentally friendly workshop and surrounding areas.

General responsibilities:

- Provide guidance and leadership to the HME workshop and field service maintenance department.
- Ensure maintenance works in compliance with norms and standards applicable in Eretria.
- Develop maintenance plans for mine site equipment in case the norms do not exist in Eretria.
- Accomplish tasks with allotted time and in compliance with budget constraints.
- As the supervisor, you will make strategic and sound decisions pertaining to the maintenance systems and strategies, department safety, and department efficiency for the team.
- Provide technical support to the maintenance team.
- Ensure that subordinate colleagues work safely, assist the supervisor to accomplish inspection of work areas and lead daily Toolbox meetings.
- Ensure continued operations of production shifts through execution of the production plan and schedules.
- Inspect assigned work units to ensure schedules and objectives are attained.
- Maintain his/her equipment clean as well as that of the site under his/her responsibility.
- Complete all necessary documents in relation with maintenance management system.
- Promote a safe work environment in compliance with enforced health and safety policies and practices and collaborate to improve them.
- Take all useful actions to avoid deterioration, break or damage of the Company's assets; provide a report to the immediate hierarchy.
- Identify and communicate opportunities to improve preventive and predictive maintenance procedures and methods.
- Prioritizes maintenance system and facility repair needs to minimize production downtime, while assuring safety, quality, and reliability.
- Respond to maintenance emergency conditions with the accurate mixture of skilled technicians to minimize downtime, planning major repairs and installations.
- Establish critical system priority lists, ensure all materials used for work orders are tracked, and balance multiple projects simultaneously to completion.
- Perform other duties as required.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- High school diploma or GED.
- Technical diploma or collage certificate.
- Technical Engineering, General education, Associated education, Business, Industrial, Manufacturing Management or Electrical engineering.

Working Experience – Nature & Length

- 5+ years' experience in large open-pit mining of which 3 years supervisor experience
- Work closely with the HME senior supervisor to develop and communicate relevant KPI's for the maintenance team PPM compliance %, PM over run's, schedule adherence, MTBF and % PMs executed.
- Ability to lead and co-ordinate a multi-disciplinary team.
- Support the implementation of maintenance best practices, methodologies, and technologies for the creation of standard work routine maintenance activities.
- Support the implementation of maintenance best practice methodologies/technologies including LSS processes the creation of standard work routine maintenance activities.

Technical Skills

- Leadership skill in multi-disciplinary environment.
- Analytical skills
- Proficient in reading, writing, and communicating in English.
- Report Writing skills.
- Decision making skills.
- Plan, organize and execution skills.
- Breakdown Monthly/Weekly plans to deliver daily/weekly maintenance targets.
- Valid Driver's License.
- Deliver quality performance (meeting scheduled maintenance forecasts.

Behavioral Skills

- Strong Supervisory skills. Get things done attitude.
- Safety leadership by example.
- Interpersonal skills.
- Ability to work under pressure.
- Ability to work toward strict deadlines.
- Commitment to deliver on agreed targets.
- Results oriented.
- Ability to multitask.
- Demonstrated team building and mentoring skills.

General Information and other requirements:

- Place of Work: Asmara and AMSC Sites
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ወ/ሮ ምሕረት ኣብርሃም ገብረገርግስ ካብ ዓዋይ ኣደ ኣደይ ወ/ሮ ምልእተ ሰመረ ገብረኪዳን ስለዝዋረፈት፡ ብዕለት 9/12/2016 ብቑ.መ 51/2016 ኣብ ረጀስትራል ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/መንደፈራ ቀሪባ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብሀያብ ስለዝሀበትኒ ዝሀበትኒ ሀያብ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋይ ገብረሂወት ወልደሚካኤልን ወ/ሮ ሸዊት በርሀ ካሕሳይን፡ ወ/ሮ ትብለጽ በርሀ ካሕሳይ ስለዝዋረፈት፡ እቲ ብዕለት 23/2/2015 ብ.መ.ቑ፡ 1112015 ኣብ ረጀስትራል ቤ/ፍ/ዞ/ደቡብ መንደፈራ ቀሪባ ህያብ ስለዝሃበትና፡ ህያብ ይጽደቐልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋይ የውሃንስ ወ/ሮ ጺጋ ፍስሃጽን ስም ት/ዕድሜ ወድና ዕርዶም ተስፋይ የውሃንስ ምግቢ ተረፉ፡ ኣብርሃም ተስፋይ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋይ የውሃንስ ወ/ሮ ጺጋ ፍስሃጽን ስም ት/ዕድሜ ጓልና ዊንታ ተስፋይ የውሃንስ ምግቢ ተረፉ፡ ቤተልሄም ተስፋይ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰዛና ኤፍሬም ሓደሽ፡ ኣቦይ ኣቶ ኤፍሬም ሓደሽ ቅድሚ 22 ዓመት ስለዝጠፍአ ናይ ጥፉእ ውሳኔ ይወሃበኒ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣሕመዲን መሓመድ ኢብራሂም ምግቢ ተረፉ፡ ሐመዲን መሓመድ ኣማን ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ ሰንዓፈ

ኣብ መንነ ከሳሲት ወ/ሮ ጉት ገብረያውሃንስ ገብረስላሴ ተኸሳሲ ኣቶ በርሀ ዑቕቡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ኣብ መንነ ከሳሲት ትርሓስ ሃይሉ ተኸሳሲ ተከሌ ብርሃ ጨፈና ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ኣብ መንነ ከሳሲት ጺጋ ተወልደብርሃን ገብረስላሴ ተኸሳሲ ኣበበ ተኸለ ኪዳነ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ትርሓስ ፍትዊ ርእሶም ምግቢ ተረፉ፡ ርሓሶት ፍትዊ ርእሶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣዜብ ደስታ ተስፋ፡ ኣደይ ደስታ ኪዳነ ገ/ኣምላኽ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓዳስ ተስፋይ ዘውዴ፡ ሓወይ ኣብርሃ ተስፋይ ዘውደ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓረዛ

ማጆር ህንጻኣብ ተኸለ ምግቢ ተረፉ፡ ማጆር ህንጻ ተኸለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዋርሳይ ናይዝጊ ዘርኣይ ምግቢ ተረፉ፡ ሳሚኤል ናይዝጊ ዘርኣይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተመድህን ስበሃቱ ለባሰ፡ በዓል ቤተይ ጺጋይ ተወልደመድህን ሓይሉ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ 13 ደቂይ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዚያዳ ተኸስኣብ ባህታ፡ በዓል ቤተይ ዘርኣብሩኽ መብራህቱ ዳፍላ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰገን ቃልኣብ ገብረማርያም ፡ ተኸሳሲ በዓል ቤተይ ሳሚኤል ተማሰገን ስዩፉ ን7 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት ፍርዲ ጎልጅ

ኣቶ ዓንደማሳቀል ገብረክርስቶስ በዩን፡ ስም ኣደይ መንጠግበሽ ኣብርሃም ገብረጻድቕ ምግቢ ተረፉ፡ መንጠግበሽ ኣብርሃ ገብረጻድቕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ክቡር ኣቦና ኣቶ በርሀ ተወልደ ገብረኪዳን (ዋና ካቴድራል ስቴሽነሪ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እንዳገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ኣብ ሆስፒታልን ገዛናን ዝተመላለስኩም ከምኡ'ውን ኣብ ዓዲ ኳዓቲት ዝቓበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጢን ወጻኢን ብተሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን ኣዕሩኽን መሳርሕትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እንዳበልና ምስጋናና ንገልጽ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ጸሃይነሽ ኣብርሃ ምስ ምሉኣት ስድራቤት።


AZEL PHARMACEUTICAL SH. CO.

## ምልክታ ጨረታ ናይ ጸረ-ባልዕ

ኣብ ከረን መጋርሕ ዝርከብ ፋብሪካና ብዙርያ እቲ ህንጻ ካብ ወርሒ ሚያዝያ - 2024 ክሳብ መጋቢት - 2025 ጸረ ባልዕ (Pesticide) መድሃኒት ከቕርቡን ኣብቲ ዝተጠቐሰ ቦታ ድማ ወርሓዊ (Periodic) ምንጻግ ክገብሩን ዝኽእሉ ተጫረትቲ ኣወዳዲሩ ክቖጽር ስለ ዝደለየ፡ ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም ትካላት ንጨረታ ይዕድም።

ተጫረቲ ከማልእዎ ዝግብኦም ቕጥዕታት

1. ተጫረትቲ ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም ኮይኖም ናይ 2019 ፍቓድ ንግዲ ዘሐደሱን ግብሪ መንግስቲ ናይ 2022 ከም ዝኸፈሉን ብሰነድ ከረጋግጹ ኣለዎም ።
2. ተጫረትቲ ዘቕርብዎም ሰንዳት ብመቦቆላዊ (original)ን ቕዳሓትን ኮይኖም፡ ኩሎም ሰንዳት ምስ ቀረቡ መበቆላዊ ሰነዳት ተመላሲ ይኾኑ። ቅዳሕ ድማ ኣብ ትካልና ይተርፍ።
3. ተጫራቲ ወኪል ምስ ዝኸውን ናይ ቤት ፍርዲ ሕጋዊ ውክልናን ቅዳሕ ሃገራዊ መንነትን የቕርብ።
4. ተጭራታይ ኩሉ ብቕዓቱ ብሰነዳት የራጋግጽ። ንኣብነት (ኣብ ግዜ ናይ ምቕራብ ብቕዓት፡ ፋይናንስዊ ብቕዓት፡ ሕሉፍ ትመኩሮ ኣገደስቲ መምዘኒታት ስለዝኾኑ ብሰነዳት ኣሰንዩ ምቕራቡም ኣገዳሲ ይኸውን።
5. ተጫራትቲ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ( ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል፡ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጽሉ ጀሚሮም ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ጽሕፈት ኣስመራ ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ከወስዱ ይኽእሉ።
6. ተጫረትቲ ኣብ ጨረታ ንምስታፍ 1,000.00 ናቕፋ( ሓደ ሽሕ ናቕፋ) ትሕጃ ጨረታ (Bid security) ብጥረ ገንዘብ ወይ'ውን check የትሕዙ።ኣብ ጨረታ ምስ ዘይዕውቱ ተመላሲ ይኸውን።
7. ተጫራታይ ኣብዚ ጨረታ'ዚ ዕዉት ምስ ዝኸውን 10,000.00 ናቕፋ (ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ) መተግበሪ ጨረታ (performance guaranty ) ብCPO ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ሕሳብ ትከል መፍረ መድሃኒት ትሕጃ የትሕዝ።
8. ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ውኪላት ተጫረትቲ ናይ ጨረታ ሰነዳቶም (offers) ብመሰረት ተዳልዩ ዘሎ ናይ ጨረታ ሰነድ መሊኦም ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈትና ጨረተኦም ብማሕተም ኣሰንዮም ብዝተዓሸገ ፖስታ የቕርቡ።
9. ጨረታ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ብድሕሪ 10 ናይ ስራሕ መዓልቲ ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት፡ ልኽዕ ሰዓት 9፡00 ቅድሚ ቀትሪ ይኽፈት። ዝኾነ ለውጢ ናይ ግዜ ምስዝግበር ድማ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ኣዘል ንተጫረቲ ብጽሑፍ/ወይ'ውን ብተሌፎን ይሕበር።
10. ዝኾነ ተጫራቲ ተወሳኺ መብርህን ሓበሬታን ምስ ዝደሊ ጨረታ ቅድሚ ምኽፋቱ ዘሎ ግዜ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ኣስመራ ኣብ ታሕቲ ኣብ ዘሎ ኣድራሻ ተጠቂምካ ምውካስ ይከኣል።
11. ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ጨረታ ብኽፊል ወይ'ውን ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኣድራሻና፡
ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ኣስመራ

P.O.Box 89

Tel. + 291 1 401994/400234

ኣስመራ ቤት ጽሕፈት ኣዘል

P.O.Box 6799

Tel + 291 1 120028 -120029



## ምልክታ ጨረታ

መ/ሓበሬታን ገላንሰን ሚኒ/ምክልኻል ንጋንታ ክሉብ ደንደን ንዓመት 2024 ኣውዳዲሩ ክምግብ ስለዝደለየ ዘድሊ ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም፡

1. ጨረታ ንኩሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት ኢዩ።
2. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ 2019/2020 ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ 2022 ግብሪ መንግስቲ ከም ዝኸፈሉን (ክሊራንስ) የቕርቡ፡
3.ተጫረቲ ዝርዝር ሓበሬታ ናይ ጨረታ ሰድ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ከፊሎም ካብ ቤ/ጽ PX ካምፖግሎ ጎደና ድብድብ ዚፐ 178 ቁ.ገዛ 07 ክወስዱ ይኽእሉ። ቁ.ተሌፎን 187616/209033
4. ምሉእ ሰድ ብዕሹግ ደብዳቤ ብምቕራብ ፡ ጨረታ ዕለት 28/02/2024 ሰዓት 09:30 ቅ.ቀ ተጨረቲ ኣብ ዘለውዎ ኣብ ቤ/ጽ px ካምፖግሎ ጎደና ድብድብ ዚፐ 178 ቁ.ገዛ 07 ብግልጺ ይኽፈት።
5.መኽበሪ ጨረታ cpo 50,000.00 ናቕፋ ይቕርብ።
6. ሚኒ/ምክልኻል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ንምሉኡ ወይ ከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒ/ምክልኻል መ/ሓበሬታን ገላንሰን
ቴሌ 08373084/209033

ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

# VACANCY ANNOUNCEMENT

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Mine Paramedic
Number required – (01)
Type of contract – definite (2 years)

## Major Duties and responsibilities.

- To contribute to organizational effectiveness, securing the optimal health & safety of the workforce by delivering First Aid/Pre-Hospital Care for site including the development, delivery & review of systems, training and provision of advice pertaining to area of specialization.
- To provide basic and advanced life support treatment, care and evaluation of sick and injured on scene, stabilize condition for safe transport to a medical facility.
- The Paramedic will be a dedicated member of the emergency response teams delivering fast, quality care during medical emergencies, accidents, fires, natural disasters and other crisis scenarios. Have a big hands-on medical experience in high energy on-call environments. Skilled in assessment and vehicle operation.

## Health and Safety Management

- Develop and review strategies, annual goals and plans for a new clinic facility and Occupational Health programs. These strategies and goals will be in line with the overall HS program
- Identifies, intervenes, and stabilizes the ill or injured during interfacility and intrafacility transport under the direction and in collaboration with the transport physician and/or Registered Nurse
- Operate ambulances in accordance with company driving policies
- Act in a manner that align and enhance the values, safety culture and performance of AMSC with the purpose of creating enduring value beyond mining

## Planning and Analysis

- Plan and provide high standards of patient care in both the emergent and non-emergent settings
- Formulate plan of care under direct supervision of Health, Safety & Training Superintendent. Update or modify plan of care as needed
- Involve appropriate personal in evaluation process
- Assist in formulating nursing diagnosis based on patient needs

## Module Development

- Develop and implement Pre-Hospital care training and development programs for Emergency Response Team
- Assist with the development of voluntary mine rescue & site personnel by actively devising, preparing, coordinating, monitoring and reviewing the delivery of First Aid training and other emergency Response capabilities

Execution

- Provide timely patient service, life support, and ambulatory care to extremely ill and injured patients for a remote mine site
- Employ basic and advanced abilities and techniques for various medical emergencies.
- Consistently instituted best practices and appropriate emergency therapy needed to save lives.
- Place intra-vascular and intra-osseous lines; esophageal obturator airways, endotracheal intubations, and defibrillations.
- In the absence of other qualified personnel, controls the emergency scene, including parking the vehicle in such a way as to minimize further danger in the roadway controlling the actions of bystanders
- Rapidly performed basic and advanced patient assessments to determine patient/victim condition and take immediate medical action.
- Administer infusions, medications, and intubation.
- Create a patient care report, documenting the medical care given to the patient at the scene and enroute to the hospital
- Respond to emergent and non-emergent calls for emergency medical assistance, ranging from bandaging a wound to life-saving cardiopulmonary resuscitation (CPR)
- Use backboards and restraints to immobilize patients and secure them in the ambulance for transport

## Evaluation and Maintenance

- Maintain the general condition of the clinic, keep it clean and stocked for optimal call response
- Maintain vehicles and stations in a clean and presentable manner at all times
- Maintain strict confidentiality of patient information, department operations, and proprietary information obtained
- during the course of employment

## Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- Relevant degree such as Associate and High School Degree in Associates or Technical Emergency Medical Services
- Must have valid and current Paramedic Certification
- EMT I-Basic certification & EMT-paramedic certification approved by the Commission on Accreditation of Allied Health
- Licenses or certifications in CPR, ACLS, BLS, AHA, WA, PALS, PEPP, PHTLS will be preferred in addition to instructor status of any certification courses
- Possess a current and valid manual driver's license

Working Experience – Nature & Length

- At least 5 years' experience in Occupational Health in the mining, industrial manufacturing or oil and gas industry
- Physical ability to perform all tasks required in the performance of typical Paramedic duties including but not limited to bending/stooping, pushing, pulling, lifting at established weight requirements, climbing, working at heights, (satisfactorily meet company physical assessments/tests)
- Current American Heart Association CPR for the Healthcare Provider & PHTLS cards
- Technical knowledge of international, government safety and industrial hygiene regulations
- Experience in the delivery of First Aid Training

Technical Skills

- Patient Assessment – Medical
- CPR-BLS for "Healthcare Provider" credential
- Long Bone & Joint Immobilization
- Spinal Immobilization Seated Patient
- Bleeding Control Shock Management
- Pediatric Intraosseous Infusion
- Cardiac Arrest Management
- Quickly, efficiently, and calmly responds to emergent and critical situations
- Provide reassurance, education and emotional support to patients (and their family when assessable)
- Ability to work a flexible schedule including 24 hour shifts, overtime, and an on-call rotation
- Proficient with Microsoft Suite, including Word, Excel, PowerPoint and Outlook
- Excellent communication and presentation skills, both written and verbal
- Dependable and self-motivated while working in a frequently changing environment
- Airway management
- Stabilization of injuries
- Emergency vehicle operation and upkeep
- Patient assessments & Body substance isolation
- Strong planning, organizing and prioritizing skills.
- Strong leadership and management skills.
- Sound decision making skills
- Plan, organize, execution skills and attention to detail
- Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel)

Behavioral Skills

- Approachable | Assertive | Customer Focused | Goal Oriented | Influential | Initiative | Leadership | Pro-Active | Reliable | Results Driven

## General Information and other requirements:

* Place of Work: Asmara and ASMC Sites
* Type of contract: definite Period (2 years)
* Salary: As per the Company salary scale

## Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

8Address: Please mail your applications to;
Asmara Mining Share Company,
P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea

*Applicants shall be required to send a copy to:
Mineral Resources Management
P.O. Box – 272
Asmara

* Note to Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ምዕራባዊ ገማግም - ላዕለዋይ ኣዛዚ ‘ጀኒን ብርጌድስ’ ተቐቲሉ

ላዕለዋይ ኣዛዚ ፍልስጤማዊ ዕጡቕ ጕጅለ ‘ጀኒን ብርጌድስ’ ያሰር ሃሱን ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ኣብ ዝርከብ መዓስከር ስደተኛታት ጀኒን ብደብዳብ ነፈርቲ ከም ዝተቐትለ መንግስቲ እስራኤል ሓቢሩ።



በቲ መጥቃዕቲ ካልኦት 15 ሰባት እውን ከም ዝቘሰሉ ናይ ዓዲ ማሕበር ገሊጹ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል፡ እቲ መጥቃዕቲ ብመሰረቱ - ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ሓደት ሰሙናት ሓያሎ መጥቃዕትታት ዝፈጸመ ያሰር ሃሱን ዒላማ ዝነበረ ምንባሩ ገሊጹ።


እስራኤል፡ እቲ ወተሃደራዊ ኣዛዚ ንካልእ ተወሳኺ መጥቃዕቲ ብመኪና ኣብ ዝንቀሳቐሰሉ ዝነበረ እዋን፡ ነቲ ናይ ነፈርቲ ደብዳብ ከም ዝተኸየደቶ ኢያ እተመልክት።

እስራኤል፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ ‘ኣንጻር ሓማስ ሕነ ንምፍዳይ’ ኢላ እትገልጾ - ኣብ ቓና ወተሃደራዊ ስርሒት ካብ ትጅምር ንደሓር፡ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ኣብ መንጎ ፍልስጤማውያንን እስራኤላውያንን ዝጸንሐ ግጭት መመሊሱ ይብኣስ ከም ዘሎ እዩ ዝሕበር።

## ሀ/ሪ ቻይናን ደ.ሪ.ኮንጎን ዝምድናኦን የሐይላ

ፕረዚደንት ሀ/ሪ ቻይና ሺ ዢ ፒንግ፡ ሃገሩ ምስ ደሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ዘለዋ ስትራተጂያዊ ምሕዝነት ንምሕያል ከም እትሰርሕ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ሺ ዝኢ ዝገለጹ መበል 60 ዓመት ምምስራት ዲፕሎማስያዊ ርክብ ቻይናን ኮንጎን ምኽንያት ብምግባር - ምስ ፕረዚደንት ደ.ሪ ኮንጎ ደኒስ ሳሶው ንገየሶ ናይ የዋና መልእኽቲ ኣብ ዝተለዋወጥሉ እዩ።



ኣብዚ ዝሓለፈ 60 ዓመታት፡ ዋላኳ ኣብ ኣህጉራዊ ኩነታት ለውጢ እንተመጽአ፡ ክልቲአን ሃገራት ግና ብቐጻሊ ኣብ ምትሕብባርን ሓድሕዳዊ ምዕባለን እየን ጸኒሐን ክብል ፕረዚደንት ሺ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ሺ ወሲኹ፡ ንምድልዳል ክልተኣዊ ዝምድናታት ልዑል ዋጋ ከም ዝሃብዎ፡ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዘሎ ኩሉመዳያዊ ስትራተጂያዊ ምትሕብባርን ሽርክነትን ንምሕያል ክሰርሕ ድሉው ምዃኑን ገሊጹ።

ፕረዚደንት ሳሶው ብወገኑ፡ ኣብ ውሽጢ’ዚ 60 ዓመታት ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት - ንሓባራዊ ባህጊ ሰላም፡ ፍትሕን ብልጽግናን ዝድግፍ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ ሓድሕዳዊ ምትእምማን ዝተሰረተ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ፍረ ከም ዝፈረየ ብምምልካት ድማ፡ ሃገሩ ምስ ቻይና ዘለዋ ምሕዝነት ዝያዳ ንኸደልድል ዘለዋ ድልውነት ኣረጋጊጹ።

## ሩስያ፡ ምስ ብሪጣንያ ዝጸንሓ ስምምዕ ምግፋፍ ዓሳ ሰሪዛ

መንግስቲ ሩስያ፡ ሃገሩ ካብ’ቲ ምስ ብሪጣንያ ዝጸንሓ - ናይ ዓሰርተታት ዓመታት ስምምዕ ምግፋፍ ዓሳ ከም ዝሰሓበት ኣፍሊጡ።

መንግስቲ ሩስያ ዝኢ ዝገለጾ፡ ብሪጣንያ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ሓዲሽ እገዳ ድሕሪ ምውሳና እዩ።

በዚ ድማ፡ ታሕተዋይ ባይቶ ሩስያ፡ ብሪጣንያውያን ገፋፍቲ ዓሳ ኣብ ባሕሪ ‘ባረንትስ’ ዝኾነ ዓሳ ናይ ምግፋፍ ንጥፈታት ከየካይዱ ዝኽልክል ሕጊ ኣጽዲቑ ኣሎ።

ኣፈኛ ባይቶ ሩስያ ቪያቸስላቭ ቮሎዲን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ፕረዚደንት ቭላዲሚር ፑቲን ነቲ ን68 ዓመታት ብሪጣንያውያን ተረባሒቲ ኮይናምሉ ዝጸንሑ ፍርያት ዓሳ መሊሱልና ኣሎ” ክብል ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመት ጥራይ፡ መራኽብ ብሪጣንያ ልዕሊ 500 ሽሕ ቶን ዝግመቱ ዓሳታት ካብ ማያት ሩስያ ከም ዝገፈፋ ይሕበር።

ኣብ 1956 ብመሰረት’ቲ ብመራሒ ሕብረት ሶቭየት-ነበር ኒኪታ ክሩሾቭ ምስ ብሪጣንያ ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ መራኽብ ብሪጣንያ ናብ’ቲ ኣብ ሰሜናዊ ገማግም ባሕሪ ሩስያን ኖርወይን ዝርከብ - ብዓሳታት ሃብታም ዝኾነ ባሕሪ ባረንትስ ክኣትዋ ኣኽኢልወን ምጽንሐን ይፍለጥ።

ይኹን’ምበር፡ ሩስያ እቲ ስምምዕ ምግፋፍ ዓሳ ንሃገራዊ ረብሓኣ ፈጺሙ ዘገልግል ከም ዘይነበረ ኢያ እትገልጽ።

ብሪጣንያ፡ ኩናት ሩስያን ዩክሬንን ሎሚ ቀዳም ካልኣይ ዓመቱ ኣብ ዝሓዘሉ ኣጋጣሚ፡ ኣንጻር ውልቀሰባትን ትካላትን ሩስያ ዝቐንዐ - ልዕሊ 50 ተወሰኽቲ እገዳታት ከም ዘአወጀት ኣፍሊጣ ኣላ።



## ኔቶ፡ ሓዲሽ ጸሓፊ ይመዝዝ




ኣመሪካ፡ ብሪጣንያ፡ ፈረንሳን ጀርመንን ንግዚያዊ ቀዳማይ ሚኒስተር ሆላንድ ማርክ ሩተ - ጸሓፊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ - ኔቶ ክኾነውን ደገፍአን ከም ዝሃባ ተሓቢሩ።

ማርክ ሩተ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ ሰልጣኑ ብፍቓዱ ከም ዝሓደገ ድሕሪ ምግላጹ፡ ሓዲሽ መንግስቲ ሆላንድ ክሳብ ዝምረጽ ከም ግዚያዊ ቀዳማይ ሚኒስተር ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ ኣዩ።

ንዊሕ እዋን መራሒ ሆላንድ ኮይኑ ዘገልገለ ወዲ 57 ዓመት ሩተ፡ ኣብ እዋን ስልጣኑ ምስ ዝተፈላለዩ መራሕቲ ብሪጣንያ፡ ሕብረት ኤውሮጳን ኣመሪካን ጽቡቕ ዝምድና ከም ዝነበሮ ይጥቀስ።

ኣብ 1949 ኣብ እዋን ዝሑል ኩናት ንሕብረት ሶቭየት ንምምካት ዝተመስረተ ኔቶ፡ ንኣመሪካን ሃገራት ኤውሮጳን ዝሓቖፈ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ኪዳን እዩ።

ድሕሪ ምፍራስ ሕብረት ሶቭየት ናብ ምብራቕ ኤውሮጳ ንምስፍሕፋሕ ክሰርሕ ዝጸንሐ እዚ ኪዳን ኣዚ፡ ቀንዲ ጠንቂ ናይ’ቲ ኣብ ለካቲት 2022 ኣብ ዩክሬን ዝተበገሰ “ፍሉይ ወተሃደራዊ ስርሒት” ሩስያ - ንሱ ምዃኑ እዩ ዝግለጽ።

ኣብ ኤውሮጳ ወተሃደራዊ ዓቕሚ እናኣሐየለት ትኸይድ ከም ዘላ ዝገንሓ ፖላንድ፡ ክሳብ ሕጂ ንምምራጽ ሩተ ኣመልኪታ መርገጺኣ ከም ዘየፍለጠት ተሓቢሩ።

ብተወሳኺ፡ ካብዞም ብገለ ዲፕሎማሰኛታት ንሩተ ክፃግታኦ ከም ዝኽእላ ዝነገረለን ዘለዋ ሃገራት ሃንጋሪን ቱርኪን እውን ዝኾነ ሓበሬታ ኣይተዋህበን ዘሎ።

ኔቶ፡ ኣብዚ እዋን’ዚ 31 ኣባላት ዘለውዎ ኪዳን ኮይኑ፡ ሽወደን ድማ ኣብ ቀረባ እዋን ከም ሓዳስ ኣባል ኮይና ክትጽንበር ምዃና ይሕበር።

## ብብሕታዊ ኩባንያ ዝማዕበለት ‘መንኮርኮር ኣመሪካ’ ኣብ ወርሒ ዓሊባ

ኣብ ኣመሪካ ክፍለሃገር ቴክሳስ ብዝመደበሩ ናይ ብሕቲ ኩባንያ ዝማዕበለት፡ ድሕሪ ፍርቂ ዘመን ንፈለማ እዋን ናብ ወርሒ ዝተላእከት መንኮርኮር፡ ኣብ ደቡባዊ ዋልታ ወርሒ ከም ዝዓለበት ተገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ትካል ምርምር ጠፈር ኣመሪካ ‘ናሳ’ ቢል ኔልሰን ነቲ ‘ዕወት’ ክብል ዝገለጾ ተልእኾ፡ ኣብ ጠፈራዊ ሳይንስን ምህዞን ኣመሪካ ሓደ ስጕሚ ንቕድሚት ምዃኑ ኣመልኪቱ።

ኔልሰን ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዘዘርግሖ ቪድዮ፡ “ሎሚ ድሕሪ ፍርቂ ዘመን ኣመሪካ ኣብ ወርሒ ዕወት ተልእኾ ኣካዪዳ ኣላ” ክብል ገሊጹ።

እዛ ‘ኦዲሰስ’ ዝተሰምየት ሮቦታዊት መንኮርኮር፡ ብ15 ለካቲት ካብ ክፍለሃገር ፍሎሪዳ ምብጋሳ ይዝከር።

ብጹሓያዊ ጸዓት እትሰርሕ ‘ኦዲሲስ፡ ንሓደ ሰሙን ኣብ ወርሒ ክትጸንሕ ትጽበ ይግበር።

ንመውዳእታ፡ መንኮርኮር ጠፈር ኣመሪካ ኣብ ወርሒ ዝዓለበትሉ ግዜ - ኣብ 1972 ምንባሩ ጸብጻብት የመልክቱ።

ዛጊት ኣብ ወርሒ ዕወት ተልእኾ ዝፈጸማ ሃገራት፡ ሕብረት ሶቭየት፡ ኣመሪካ፡ ቻይና፡ ህንዲን ጃፓንን ምዃነን ይፍለጥ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ሰላም | 24/02/2024 | ጎደና ሰላም ቁ. ግ 47 | 122350 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services